جمعية خدمة المحتوى
الإسلامي باللغات

# ኣነ ሙስሊም እየ

ትግርኛ

تجريني

أَنَا مُسْلِمٌ

ናይ ሳይንሳዊ ኮሚቴ
ኣብ ማሕበር ኣገልግሎት ናይ እስላማዊ ይዘት ብብዙሕ ቋንቋታት

# أَنَا مُسْلِمٌ

# ኣነ ሙስሊም እየ

اللَّجْنَةُ العِلْمِيَّةُ
بِجَمْعِيَّةِ خِدْمَةِ المُحْتَوَى الإِسْلَامِيِّ بِاللُّغَاتِ

بِسْمِ اللهِ الرَّحمَنِ الرَّحِيمِ

# ኣነ ሙስሊም እየ[1]

ብ ዶክተር ሙሓመድ ኢብራሂም ኣልሓመድ

ኣነ ሙስሊም'የ፡ እዚ ማለት ድማ ሃይማኖተይ እስልምና እዩ። እስልምና ማለት ዓባይ ቅድስቲ ዝኾነት ቃል እያ፡ ነቢያት -ናይ ኣላህ ሰላም ይብጸሓዮም- ካብ መጀምርየኦም ክሳብ መወዳእትኦም ኲሎም ተወራረሰማ'ዮም። እዛ ቃል ልዑል ትርጉምን ክብርን ዘለዋ እያ፡ ትርጉማ ድማ ን ፈጣሪ ኢድካ ምሃብን ብትእዛዙ ምቅያድን ምምእዛዝን የጠቓልል፡ ከምኡ ውን ሰላም፡ ደስታ፡ ርግኣት፡ ቅሳነት ንውልቀሰባትን ንማሕበረሰባትን ዝኣመሰሉ ትርጉማት ውን ዝሓዘለት እያ።

በዚ ምኽንያት እዩ ሰላምን እስላምን ዝኣመሰሉ ቃላት ብብዝሒ ኣብ ሕጋገታት እስልምና ተደጋጊሙ ንረኽቦ። ሰላም ሓደ ካብ ኣስማት ናይ ኣላህ እዩ፡ ናይ ሙስሊሚን ኣብ ሞንግኦም ሰላምታ ውን እያ፡ ከምኡ ውን ናይ ሰብ ጀና ሰላምታ። ናይ ብሓቂ ሙስሊም ዝባሃል ሙስሊሚን ካብ ጉድኣት ናይ መልሓሱን ኢዱን ዝዳሓኑ እዩ፡ ምኽንያቱ እስልምና ንኹሉ ሰብ ሰናይ ሃይማኖት እዩ፡ ንኹሉ ሰብ ዝኣክል መንገዲ ሓጎስ ኣብዛ ሂወትን ድሕሪ ሞትን እዩ፡ ብኸምኡ እዩ ድማ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፍዎ ሕጋጋት ከም ጠቅላልን ሰፊሕን ብሩህን ንኹሉ ሰብ ክፉትን ኮይኑ

---

[1] ንእስልምና ንምልላይ ዝተጻሓፈ ጽሑፍ

ዝወረደ፡ ሰባት ኣብ እስልምና ብ ዘርኦም ኮነ ብሕብሪ ገጾም ኣይፈላለዩን እዮም፡ ኩሎም ብሓደ ዓይኒ እዮም ዝራኣዩ፡ ብጀካ ብመጠን ብእስልምናዊ ኣስተምህሮታት ተቀያድነቶም ብኻልእ ኣይበላለጹን እዮም።

ካብዚ ዝተበገሰ ኩሉ ጥዑይ ተፈጥሮ ዘለዎ ሰብ ይቅበሎ እዩ ምኽንያቱ ምስ ፍጥረትና ስለዝሰማማዕ። ኩሉ ሰብ ክፍጠር ከሎ ንሰናይን ፍትሕን ናጽነትን ፡ ንፈጣሪኡ ፈታዊ፡ ንሱ ጥራይ ኣምልኾት ከምዝግብኦ ዝኣምን ኮይኑ እዩ ዝፍጠር። ካብዚ ፍጥረት ክሳብ ዝኾነ ዝቅይር ነገር ዘየጋጠሞ ኣይቅየርን እዩ። እዚ ሃይማኖት'ዚ እቲ ንሰባት ዝፈጠረን ዝኾስኮሰን መግዛእቲ ዝግቦኦ ጎይታ ንባሮቱ ዝፈተወሎም እዩ።

ሃይምኖተይ እስልምና ይምህረኒ፦ ኣብዛ ዱንያ (ቅድሚ ሞት ዘሎ ሂወት) ክነብር እየ፡ ድሕሪ ሞተይ ከኣ ናብ ኣኺራ (ድሕሪ ሞት ዘሎ ሂወት) ክጓዓዝ እየ፡ ንሳ እያ ኸኣ እታ ጾናሒት ቤት፡ ሽዕኡ ድማ ሰባት ወይ ናብ ጀና (ገነት) ወይ ናብ ሓዊ (ጀሃነም) ይምርሑ።

ከምኡ 'ውን እስልምና ሃይማኖተይ ይእዝዘንን ይኽልክለንን። በቲ ዝኣዘዘኒ እንተ ተማእዚዘን ካብቲ ዝኸልከለኒ እንተ ተኸልኪለን ድማ ኣብ ኣዱንያን ኣኼራን ሕጉስ እኸውን ። ከምኡ እንተዘይ ጌረ ወይ ተዘንጊዐ ግን ኣብ ኣዱንያን ኣኼራን በቲ ዓቀን ጌጋይን ሙግዳለይን መከራ እዩ ክኸውን ዓስበይ።

እቲ ዝዓበየ እስልምና ዝኣዘዘኒ ነገር ተውሒድ{ሓድነት

ብኣላህ} እዩ። ኣነ ድማ እምስክርን፡ እኣምንን ጽኑዕ ዝኾነ እምነት ኣላህ [ኣምላኽ] ፈጣርየይን፡ ዘምልኾን ዝግዘኦን ምኂኑ ብጀካ ንኣላህ [ኣምላኽ] ንኻልእ ኣየምልኽን ኣይግዘእን እየ ከምልኾ እንከለኹ ድማ ብፍትወትን፡ ካብቲ መቕጻዕቲ ዘዳለዎ ፈሪሀን፡ በቲ ንሰናይ ገበርቲ ዘዳለዎ ዓስቢ ተስፋ ጌረን ናብኡ ተወኪለ (ተደጊፈ) የምልኾ፡ እዚ ተውሒድ [ሓድነት ናይ ኣላህ] ዝበሃል ከኣ ምስክር ንኣላህ [ኣምላኽ] ብሓድነቱ ፡ ነቲ ክቡር ነቢ ሙሓመድ -ካብ ረቢ ውዳሴን ምሕረትን ይኹኖም- ልኡኽ ምኂኑ ዘጠቃለለ እዩ ሙሓመድ -ውዳሰን ምሕረትን ካብ ረቢ ይኹኖም- ከኣ ናይ መዛዘሚ ልኡኽ ምኂኑ ኣላህ ንመላእ ዓለም ምእንቲ ክርህርሃሎም ልኢኹዎም፡ ንዐኦም ከኣ ናይ መወዳእታ ልኡኽ ጌርዎም፡ ብድሕሪኦም ዝመጽእ ከኣ ወልሓደ ነቢ [ልኡኽ] የለን. ከምኡ ውን ብርግጽ በቲ ኣጠቃላሊ ሃይማኖት መጽዮም ምሹው ዝኾነ ንኹሉ ቦታን፡ ግዜን፡ ከምኡ ውን ህዝብን።

ሃይማነተይ ከኣ ጽኑዕ ዝኾነ እምነት ብመላኢካን፡ {መልኣኽቲ} ከምኡ ውን በቶም ኩሎም ልኡኻትን፡ ነቶም ብፍሉይ ጽንዓቶም ዝዘከሮም በዓል ኑሕ፡ ኢብራሂም፡ ሙሳ፡ ዒሳ፡ ሙሓመድ -ካብ ረቢ ሰላም ይኹኖም- ክኣምን ይእዝዘኒ።

ከምኡ ውን እምነት ክገብር በቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ቅዱስ መጻሕፍቲ ናብ ነቢያትን፡ በቲ መወዳእታ ዝወረደ መጽሓፍ ክኽተልን፡ ንሱ ኸኣ ዝበለጸን ዝኸበረን ቅዱስ {ኣልቁራን ኣልከሪም} ይበሃል።

ከምኡውን ሃይማኖተይ ብመወዳእታ ዓለም እቲ ኩሉ ወዲ ሰብ ውጽኢት ናይ ተግባሩ ዝርከበሉ ግዜ ክኣምን ይእዝዘኒ. ከማኡ ውን ብቀደር [ጽሕፍቶ] ክኣምን በቲ ኣብ ሂወተይ ንዘጋጠመኒ ጽቡቅን ሕማቅን ብፍትወት ተቀቢለ ነቲ መድሓኒ ዝኾነኒ ነገራት ከኣ ኣጽኒዐ ክሕዝ ይእዝዘኒ።

እምነት ብቀደር [ጽሕፍቶ] ኸኣ ቅሳነትን፡ ርግኣትን፡ ትዕግስትን፡ ይህበኒ በቲ ሕሉፍ ዝኾነ ነገራት ከኣ ኣየጣዕስንን እዩ። ኣነ ኸኣ ጽኑዕ ዝኾነ እምነትን ፍልጠትን ኣለኒ ምኽንያቱ እቲ ንዓይ ኢሉ ዝተሓሰበ ኣይስሕተንን እዩ፡ እቲ ንዓይ ዘይተሓስበ ኸኣ ኣየጋጥመንን እዩ። ኩሉ ነገር ብጽሑፍ ስለ ዝተጸሓፈ ካብ ኣላህ እቲ ኣነ ክገብሮ ዝግባእ ሰበብ[ምኽንያት] ጥራይ እየ ዝገብር፡ ብድሕሪኡ ንዘጋጥም ድማ ብፍትወት ይቅበሎ።

እስልምና ኸኣ ይእዝዘኒ ናብቲ መንፈሰይ ንጹህ ዝገብራ ብጽቡቅ ተግባራትን፡ ብልዑል ዝኾነ ጠባያትን፡ በቲ ኣላህ ዝፈትዎ ነገራት ንነብሰይ ካብ ሕማቅ ነገር ዘጽርያን፡ ደስታን ፍስሃን ሂቡ፡ ቅኑዕ መንገዲ ኣትሒዙን፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ጠቃሚ ኣካል ዝገብረንን እዩ።

እቲ ዝዓበየ ናይ ጽቡቅ ተግባራት ከኣ ተውሒድን [ሓድነት ናይ ኣላህ]፡ ሰላትን [ስግዳን] ሓሙሸተ ግዜ ኣብ ለይትን መዓልትን ዝርከባ ምስጋድን፡ ዘካት [ካብ ገንዘብካ ንሱኡናትን ንሸጉራትን ክትሕግዝ ከለኻ] ከተውጽእን፡ ጾም[ወርሒ ረመዳን] ምጻምን፡ ሓጅ [ኣብቲ ቅዱስ ዝኾነ ቦታ መካ ዝብሃል ኬድካ ብፍሉይ ኣገባብ ንኣላህ ምግዛእ] እዚ ኸኣ

ንዓቅሚ ዘለዎ ጥራይ ይኸውን እዘን ዝጠቐስናየን ዘጠቃለለ እዩ።

ካብቲ ዝዓበየ ነገራት ሃይማኖተይ ዝመርሓንን፡ ንኽገብሮ ዘተባበዐንን እንተሎ ብብዝሒ ቃል [ዘረባ] ናይ ኣላህ ቑርኣን ምቕራእ[ምንባብ] እዩ። ምኽንያቱ ብብዝሒ ቑርኣን ምቕራእ[ ምንባብ] ኣብ ልብኻ ደስታ ከምዝስማዓካ ይገብር። እቲ ዝበለጸ ዘረባ ቅዱስን፡ ክቡርን፡ሓቀኛ ሓሶት ዘይብሉን፡ ናይ ዝሓለፈን ዝመጽእን ሕብረተሰባት ዝገልጽን፡ ቅዱስ መጽሓፍ ስለ ዝኾነ እዩ። ንዑ ምቅራእ [ምንባብ] ወይ ምስማዕ ከኣ ርጋኣትን ቅሳነትን ደስታን ፍስሃን ኣብ ልብኻ ይሓድረካ፡ ወላ እቲ ዝቀርእ[ዘንብብ] ወይ ዝሰምዕ ዘሎ ቋንቋ ዓረብ ተዘይፈሊጡ ወላ ውን እስልምና ዝተቀበለ ተዘይኮነ እቲ ስምዒት ንኹሉ ምኺኑ እዩ።

ካብቲ ንልቢ ዓቢ ደስታ ዝህብ ካኣ ብብዝሒ ዱዓ[ጸሎት] ምግባርን፡ ናብ ኣላህ ምጽጋዕን'ዩ፡ ዝኾነ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ጉዳይ ንዕኡ[ኣላህ] ምሕታትን ምልማንን እዩ፡ ኣላህ ድማ ነቲ ብንጽህናን፡ ፍጹም እምነትን፡ ዝገብር ዱዓ[ጽሎት] ይቅበሎ እዩ።

ካብቲ ቀንዲ ንልቢ ዘደስት ብብዝሒ ንኣላህ ምዝካር እዩ።

ካብቲ ናተይ ነቢ -ካብ ረቢ ውዳሰን ሰላምን ይኹኖም- ዝሓቢርኒ፡ ከመይ ጌረ ንኣላህ ከምዝዝክሮን፡ ከማኡ'ዉን ኣየናይ እዩ እቲ ዝበለጸ ዚክርን[ንኣላህ ምዝካር] ምሂርኒ። ካብቲ ዓይነታት ዚክሪ[ንኣላህ ምዝካር] ድማ ኣርባዕተ ቃላት ኣለዋ። ንሳተን ድማ ብድሕሪ ቅዱስ ቑርኣን እተን ዝበለጸ

ኮይነን [ሱብሓነላህ፡ ኣልሓምዱሊላህ፡ ላኢላሃ ኢለላህ፡ ኣላሁ ኣክበር] እየን።

ከማኡ'ዉን [ኣስተቕፊሩላህ፡ ወላ ሓውላ ወላ ቑወታ ኢላቢላህ]ካብ'ቲ ዝበለጸ ዚክሪ ኢዩ።

ኣዘን ቃላት ዚኣተን ከኣ ዘገርም ኣወንታዊ ጽልዋን ውጺትን ክህልወን 'ከሎ፡ ንልቢ ወዲ ሰብ ድማ ፍጹም ርግኣት ይፈጥራሉ።

እስልምና ካብቲ ዝእዝዘኒ ነገራት፡ እስላማዊ ክብረተይ ሓልየን፡ ሰባኣዉነተይ ካብ ዘትሕት ኣምራት ርሒቐን፡ ህይወተይ ክመርሕ ኢዩ። ከምኡ'ዉን እስልምና ኣእምሮይን፡ መሓዉረይን፡ ነቲ ከገልግለሉ ዝፈጠረኒ ዝጠቅም ስራሕ ኣብ ዓለመይን፡ ሃይማኖተይን፡ ክጥቀመሉ ይእዝዘኒ።

ከማኡ'ዉን እስልምና ንደቂ ሰባት በቲ ዓቕመይ ዝፈቕደለይ ብርህራሀን፡ ብጽቡቅ ዘረባን፡ ተግባር ጽቡቕ ከዘውትር ይእዝዘኒ።

ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ክገብሮ ዝግባኣኒ ዝዓበየ ነገር ድማ፡ ንወለደይ ምእዙዝ ክኸዉንን ንዕኦም ጽቡቕ ዘበለ ነገራት ክፈትወሎምን፡ ክገብረሎምን፡ ንዕኦም ዘደስት ነገር ክጽዕረሎምን፡ ንዕኦም ዝጠቅም ዘበለ ክቅርበሎምን፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዕብየቶም ካኣልዮምን፡ ክሕብሕቦምን ኣለይ መለይ ክብሎምን ይእዝዘኒ። ስለ'ዚ ክብረት ናይ ወለዲ ኣብ ሕብረተሰብ እስልምና ዓቢ ቦታን ክብርን ዘለዎ ኮይኑ፡ ካብ ደቆም ከኣ ናይ ምሕብሓብን፡ ኣላይነትን ዉሕስነት ዝህብ፡ ዕድመ ኣብ ዝደፍኡሉ ወይ ሕማም ኣብ ዘጥቅዖም ግዜ ኸኣ

ብደቆም ዝያዳ ክሕብሒቡን ክእለዩን ትርኢ።

ንዓል ኣንስተይቲ'ዉን እንተኾነ ዓቢ ዝኾነ ክብረትን፡ ግቡእን፡ ከምዘለዋ ሃማኖተይ የስተምህረኒ። ኣብ እስልምና ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ብፍጹም ዘፍልየን ነገር የለን። እኳ ዳኣ ኣብ እስላማዉ ኣስተምህሮ እቲ ዝበለጸ ሰብ ዝበሃል እቲ ንበዓልቲ ቤቱ ጽቡቕ ዉዕለት ዘለዎ እዩ። ኣስላመቲ ጓል ኣንስተይቲ ካብ ግዜ ቁልዕነታ ጀሚሩ ጽቡቕ ናይ ምጥባዉን፡ ምክንኻንን፡ ኣተዓባብያ ይግበረላን፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ኻኣ ከም ብሌን ዓይኒን፡ፍረ ልብን ኮይና ን ወለዳን ኣሕዋታን፡ ከም ልእልቲ እና ተኣለየት ትነበር።

ዕድመ ወሲኻ እናዓበየት ምስ ከደት ድማ ክብርትን ስትርትን ኮይና ሕማቕ ንኸየጋጥማ እናፈረሁላን፡ እናሓለዩላን፡ ተሓብሒባን፡ ተኸቢባን፡ ኣብ ሕቕፊ ወለዳን ኣሕዋታን ትነበር። ዝኾነ ይኹን በደል ብዘረባ ይኹን ብኢድ ኣብ ልዕሊኣ ክፍጸም ወይ ክትውረር ኣይፈትውን፡ ብሓጺሩ ኣብ ትሕቲ ጽላሎም ተኸቢራ ትነብር።

በዓልቲ ሓዳር ጓል ኣንስተይቲ ኣብ እስልምና በቲ ተሪር ዝኾነ ቃል ኪዳን ዝቖመ ኮይኑ፡ ብሕጊ ናይ ኣላህ ድማ ይምእዘን። እታ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ገዝኣ ምስ በዓል ቤታ ኸኣ ብኣኽብሮት ዝመለኦ ናብራ ትነብር፡ በዓል ቤታ ኸኣ ከም ንግስቲ ከኽብራን ከቀባጥረላን ኣብ ልዕሊኣ በደል ከይፍጽምን ግዴታ ይኾኖ።

ኣደ ምስ እትኸውን ድማ፡ ክብረታን ደረጀኣን ምስ ንኣላህ ክትገብሮ ዘለካ ክብሪ ተኣሳሲሩ ይርከብ፡ ኣብ ልዕሊኣ በደል

ምስ እትፍጽም ካኣ ምስቲ ዓቢ ሓጥያት ዝኾነ ሺርክ [ሽርክነት ምስ ኣላህ ምግባር]፡ ከምኡውን ኣብዛ መሬት ብልሽውና ሕማቕ ነገር ከም ምዝርጋሕ ይተኣሳሰር ይቑጸር።

ሓፍቲ ምስ እትኸውን ድማ ከተኽብራን፡ ሕዉነታዊ ዝምድናኻ ከይተቋርጽን፡ ካብ ሕማቕ ነገራት ክትፈርሓላን፡ ክትሕልዋን፡ ትእዘዝ። ሓትኖኻ ክትከዉን እንከላ ድማ ዳርጋ ከም ኣደ ከተኽብራን፡ ክትምእዘዛን፡ ክትበጽሓን፡ ይግባኣካ።

ዕድመ ደፊኣ ናይ እኖሓጎ ክብሪ ኣብ ዝበጸሐትሉ እዋን'ዉን እንተኾነ፡ ክብረታ ኣብ ደቃን፡ ደቂ ደቃን፡ ካብ ኩሉ ኣዝማዳን፡ እናወሰኸ ይኸይድ፡ ዝኾነ ምስ እትሓትት ወይ ርእይቶ ምስ እትህብ ከኣ ቃላ ኣብ መሬት ኣይወደቕን እዩ።

ጓና ጓል ኣንስተይቲ ብዝምድና ይኹን ብጉርብትና ዘይትፈልጣ ምስ እትኸውን ከኣ እቲ ናታ ኣብ እስልምና ዘለዋ መሰል ክሕለወላን፡ ንሱ ኸኣ ከም ብዓይንኻ ኣተኩርካ ዘይምጥማትን፡ ከይትብድላን ወዘተ ይግበኣካ።

ብሓፈሻ ኣብ ሕብረተሰብ እስላም እንተሪኢና ኸኣ እቲ ኩሉ ዝጠቐስናዮ ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ከነተግብሮ ዝግባኣና ነገራት ቀጻሊ ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ደረጅኡ ዝሓለወ ክብረት ከኣ ኣብ ካልእ ሕብረተሰብ ኣይርኣይን እዩ።

እዚ ክብሃል እንከሎ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ እስልምና ወናኒት ንብረት ኮይና ክትሸይጥን፡ ክትልውጥን፡ ከምኡ'ዉን ሕግታት ናይ እስልምና ብዘፍቅዶ መሰረት ኣብ ስራሕ ዓለም ክትዋሳእን፡ ክትመሃርን፡ ክትምህርን፡ መሰላ ሕሉዉ ይኸውን። በል ካብቲ እስላማዊ ትምህርትታት፡ ሓደ

ኣስላማይ እየ ዝብል ሰብ ወዲ ተባዕታይ ይኹን ጓል ኣንስተይቲ ግድነት ክፈልጦ ዝግበኦ ነገራት ኣሎ። ንዕኡ ዘይፈለጠ ከኣ ከም በደል ተቖጺሩ ዘንቢ[ሓጥያት] ይኾኖ።

ገለ ካብ'ቲ እስላማዊ ሕግታት ንጓል ኣንስተይቲ ጥራይ ዝምልከት ኮይኑ፡ ገሊኡ ኸኣ ንወዲ ተባዕታይ ጥራይ ዝምልከት ኮይኑ ንረኽቦ። ንኽልቲኦም ጾታታት ዘጠቓልል ከኣ ኣብ ካልእ ኣርእስቲ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።

ሃይማኖተይ ንኣሕዋተይን፡ ንሓወቦታተይን፡ ንኣሞታተይን፡ ንኣኮታተይን፡ ንሓትኖታተይን፡ ንኹሎም ኣዝማደይን፡ ክፈትዎምን፡ እቲ ግቡኦም ከማልኣሎምን፡ ከምኡ'ዉን መሰል ናይ በዓልቲ ቤተይን፡ ደቀይን፡ ጎረባብተይን፡ ከማልእ ይእዝዘኒ።

ከምኡ'ዉን ፍልጠት ክቀስም፡ ብሐንጎለይ ተጠቒመ ጠባየይ ምስጉን፡ በተሓሳስባይ ድማ ምዕቡል ክኸዉን ሃይማኖተይ የእዝዘኒ።

ካብ'ቲ እስልምና ካብ ዝእዝዘኒ ኣገዳሲ ነገራት ፦ ሓያእ[ሕፍረት]፡ ምጵዋርን፡ ልግሲን፡ ትብዓትን፡ ሚዛናዉነትን፡ ጥበብን፡ ርዝነትን፡ ትዕግስተኛን፡ ተኣማኒን፡ ትሕትናን፡ ጽፈትን፡ ኣብ ቃሉ ዝጸንዕን፡ ንኹሉ ወድ ሰብ ጽቡቕ ምፍታዉን፡ ኮምኡ 'ወን ንዕለታዊ ናብራ ዝኾነኒ ክሰርሕን ክጽዕርን፡ ንድኻታት ክሕግዝን ክኣልይን፡ ንሑሙማት ክበጽሕን ከጸናንዕን፡ ቆጸራ ከኽብርን፡ ጥሉል ዝኾነ ዘረባ ክዛረብን፡ ምስ ሰባት ዘሎኒ ርክብ ዓቕመይ ብዝፈቕዶ ከሐጉሶምን፡ ብፍሕሹዉ ገጽ ክቕበሎምን፡

ጥቕሉል ዝኾነ ማዕዳ የስንቐኒን ጸቒጡ ይላበወኒን።

ባኣንጻር ናይዚ ዝጠቕስናዮ፡ ከይድንቁር ሃይማኖተይ ንኸይክሕድ፡ ኢልሓድ [ሃይማኖት ይኩን ህላውነት ፈጣሪ ምንጻግ] ከይገብር ዝብሉ ሓጥያትን፡ ጽዩፍ ነገራት ከም ዝሙት፡ ግብረሰዶም ምፍጻም፡ ትዕቢት፡ዘይቅዱስ ቅንኢ፡ ቂምታ፡ ተንኮል፡ ነገራት ባሉታዊ መልክዕ ከይጥምት፡ ዝኣመሰሉን ብፍጹም ከይቀርቦም ኣትሪሩ የጠንቅቐኒ፡ ካብ'ዚ ቀጺሉ ዉን መግለጺ ስንፍና ዝኾነ እኩይ ልምድዳትን ኣመላትን ከም፡- ምሕዛን፡ ምሕሳዉ፡ ተስፋ ሙቕራጽ፡ ምጥማዕ፡ ምህካይ፡ ፈራህን፡ ሰንፈላልን ምኧን፡ ምሕራቕ፡ ድርቡሽ [ድንጉር] ምኧን፥ፋሉል ሙኧን፡ ንደቂ ሰባት ምብዳል፡ብዘይ ጠቅም ብዙሕ ዘረባ ምዝራብ፡ ምስጢር ምዉጻእ፡ ኡሙን ዘይ ምኧን [ኺያና] ምግባር፡ ቆጸራ ምጥላም፡ ንወለዲ ምእዙዝ ዘይሙኧን፡ ንኣዝማድካ ዘይምብጻሕ [ዝምድና ምቑራጽ]፡ ብደቅኻ ዘይምግዳስ፡ ንጎረቤትካ ይኹን ንዝኾነ ፍጡር ምብዳልን፡ ካልእን ኣጥቢቑ ይኽልክለኒ።

ከምኡ'ዉን እስልምና ካብ ኩሉ ዘስክር ነገራት፡ ሓሺሽ [ዕጸፋረስን]፡ ቁማርን፡ ስርቅን፡ ምቕሻሽን፡ ምድንጋረን፡ ንሰብ ምፍርራሕን፡ ብዘያፍልጦ ናይ ሰባት ብድሕሪኦም ተኽዊልካ ነዉርታቶም ምስላይን ምክትታልን ዝኣመሰሉ ሕማቕ ጠባያት ክየዘዉትር ብጭራሽ ከየተግብሮም የጠንቅቐኒ።

እስልምና ሃይማኖተይ፡ እሙን ንክኸዉን የተባብዐኒ፡ ዓስቢ ተኣማንነተይ ከኣ ገንዘበይ ይሕፈዘለይ [ይእከበለይ]፡

ኣላሀ ከኣ ነቶም እምነት ዘለዎም ወዲስዎም፡ ኣብ ምድራዊት ዓለም ብጽቡቕ ኣንቢሩ፡ ኣብ ምጽኣተ ዓለም ድማ ገነት ከስፍሮም መብጽዓ ኣትዩሎም ኢዩ። ነቶም ኣብ ሕዛእቲ ናይ ሰብ ኣትዮም ዝሰርቁ ኸኣ ኣብ ምድራዊት ዓለምን ኣብ ምጽኣተ ዓለምን መቅጻዕቲ ከምዘለዎም ሓቢርና፡ በዚ ዓይነት ኣገባብ ከኣ ሰላምን እምነትን የስፋሕፍሕ።

ሃይማኖተይ ከኣ ዝኾነ ትንፋስ ዘለዎ ነገር ንኸይጉዳእ ይከላኸለሉ፡ በዚ ምኽንያት ከኣ ብዘይ ሓቂ ትንፋስ ሰብ ምሕላፍ ፡ወይ ብዝኾነ ዓይነት ንኻልእ ምብዳል ወላ ብዘረባ ይኹን ሓራም ጌርዎ።

ካብ'ዚ ዝዓበየ ድማ ፡ ሓደ ሰብ ወላ ንነብሱ ክጎድኣ ብሓንጎል ምስሓት ይኹን፡ ንጥዕንኡ ዘበላሹው ነገራት ምጥቃም፡ ወይ ነብሰ ቅትለት ምፍጻም ሓራም ጌርዎ።

እስልምና ሃይማኖት ነቲ ነጻነት ዝበሃል ኣምር ይውሕስን፡ የስተኻኽልን ትርጉም የልብሶን እዩ። ኣብ እስልምና ሓደ ሰብ ኣተሓሳስብኡ ኣብ ምሻጥን፡ ምልዋጥን ይኹን፡ ኣብ ንግዱን፡ መገሹኡን፡ ብዝደለዮ ዓይነት ምቸት ንዓለም ከስተማቕር ነጻ ኢዩ። ዝብላዕ፡ ዝስተ፡ ዝልበስ፡ ዝስማዕ፡ ሓራም ክሳብ ዘኾነ ዘይሓወሰ ወይ'ዉን ንኻልእ ዝጎድእ ክሳብ ዘይኮነ[መሰል ካልኦት ክሳብ ዘይግሃሰ]፡ መቐረት ናይ ህይወት ከስተማቕር ናጽነት ኣለዎ።

ሃይማኖተይ ከኣ ነቲ ደረት ዘይብሉ ናብ ፋሉልነት ዝበጽሕ ናጽነት ዘይኮነ፡ ኣገባብ ተኸቲሉ ብስነ ስርዓት ዝምራሕ ናጽነት ፍቑድ ጌርዎ። ንኣብነት ሓደ ሰብ መሰል ናይ ሓደ ካልእ ኣካል

ክግህስ፡ ወይ ኣብ [ሓራም] ዝተሓወሶ ነገራት ክጫማለኽ፡ ወላ'ዉን ባዕሉ ብዝዉንኖ ገንዘቡን ንዋቱን እንተኾነ ብጭራሽ ኣይፍቐድን እዩ።

እቶም ኣብ ዝኾነ ነገር ብፍጹም ልጓም ዘይብሉ ናጽነት ነብሶም ዝኣዘዘቶም ንስምዒታቶም ብዘይ ምቊጻጻር፡ ሃይማኖት ይኹን ወላ ልቦንኦም ዘይክልክሎም፡ በቲ ግደ ሓቂ እንተረሲኢና ኣብ ዝታሓተ ናይ ግዕዙይ ዓዘቕቲ ዝኾነ ናብራ ጥሒሎም ኢዮም ዝነብሩ። ኣብ መወዳእታ ካብቲ ጭንቀት ዝመለኦ ዘይቅሱን ህይወት ንኽወጹ ክብሉ ኣብ ዘየድሊ ሕሱርን ንዑቕን ንጥፈታት ይርከቡ። እቲ ህሉዉ ኩነታት መመሊሱ ስለ ዘጨንቖምን ድቃስ ስለ ዝኸልኦምን ድማ፡ ካብኡ ንምህዳምን ጨሪሾም ክገላገሉን ብምሕሳብ ነብሰ ቅትለት ክፍጽሙ ይደፋፍኡ።

ሃይማኖተይ ኣብ ዕለታዊ ናብራይ ዝዉቱራት ንጥፈታተይ 'ዉን እንተኮነ ብዝለዓለ ሰነስርዓት ክበልዕ፡ ክሰትይ፡ ክድቅስ፡ ከምኡ'ዉን ውርዙይ ኣገባብ ኣዘረርባ ምስ ሰባት ዝህልወኒ ዝምድናታት ኣብ ዝተመርኮሰ ክኸዉን ይምህረኒ።

ኣብ ንግዲ ዓለም ክሰርሕ እንከለኹ፡ ኣብ ምሻጥን፡ ምልዋጥን፡ ገንዘበይ ክቕበል ከለኹን ድማ ሓዳግን ሸለል በሃላይ ክኸዉን ሃይማኖተይ ይምህረኒ። ከምኡ'ዉን ምስ ኣስላም ዘይኮኑ ህዝቢ ዘይተጓዳኣይን ዘይዓማጻይን ክኸዉን ምሂሩኒን፡ ካብኡ ሓሊፉ'ዉን ጽቡቕ ክገብረሎምን ክምነየሎምን ይላበወኒ።

እቲ ኣብ ታሪኽ ናይ እስላም ተዘኪሩ እንረኽቦ፡ ነቶም እምንት እስልምና ዘይክተሉ ሓዳጋት ከም ዝነበሩን፡ ከምኡ ዓይነት ኣመራርሓ ወላ ኣብ ቅድሚኦም ዝነበሩ ሕብረተሰብ ተራእዩን ተሰሚዑን ከምዘይፍለጥን ታሪኽ ሰኒድዎ ዘሎ ምስክር ኢዩ። ኣመንቲ እስልምና ዝኾኑ ኣህዛብ፡ ምስ ዝተፈላለየ ሃይማኖት ዘለዎም ሕብረተሰብ ኣብ ትሕቲ ንግስነት ናይ እስላም ብሓንሳብ ነቢሮም ኢዮም። ኣስላም ግን ምስ ኩሎም ከይፈላለዩ ብዝበለጸ ኣነባብራ ኣንቢረሞም እዮም።

ብሓፈሻ እስልምና በቲ ዝበለጸ ስነስርዓትን፡ ጹቡቅ ርክብ ምስ ሰባት ምህላዉን፡ ብዝላዕለ ጠባይን፡ ንናብራ ህይወተይ ብዝበለጸ ናብራ ኣንቢሩ ሕጉስ ከምዝኸዉን ምሂሩኒ። እቲ ኩሉ ንህይወተይ ሕማቕ ናብራ ከንብራ ዝኽእል ነገራትን፡ ወይ ንሕብረተሰበይን፡ ነብሰይን፡ ገንዘበይን፡ ሓንጎለይን፡ ወይ ከኣ ክብረተይ ዝጎድእን ዘበለ ከኣ ከልኪሉኒ።

ክንድ'ቲ ኣተሓሕዛ ወይ ኣፈጻጽማ ናይቲ ዝተመሃርኩዎ ኣገባብ ክንዳኡ ዓቢ ዕግበትን ፍስሃን እረክብ። ብኣንጻር ናይዚ፡ ክንድቲ ዘግዶልኩዎን ሽለል ዝበልኩዎን ካብ'ቲ መምረሒታት፡ ክንድኡ ኸኣ ኣብ ናብራይ ክረኽቦ ዝግብኣኒ ዕግበት ፍስሃን ይጎድለኒ።

እዚ ክንብል እንከልና ሰብ ኣይጋገይን እዩ ማለት ኣይኮነን፡ ጌጋ ኣብ ኩሉ ደቂ ሰባት ዘሎ እዩ። ጌጋ ዘጋጥመሉ ኣብ ግዜ ጌጋ ሰብ ከስግል እንከሎ፡ እቲ ማዕጾ ናይ ቶባ [ናይ ኣላህ ይቕረ ዝሕተተሉ ዕድል] ክፉት እዩ። ጌጋኻ ኣሚንካ ተጣዒስካ ናብ

ኣላህ ይቕሬታኻ ምስ እትሓትት ድማ፡ ኩሉ እቲ ዝፈጽምካዮ በደል ከምዘይነበረ ይድምሰስ፡ ኣላህ ናብኡ ቀረባ ይገብረካ።

ምንጪ ናይ'ዚ ኩሉ እስላማዊ ኣስተምህሮታት ማለት፡-ናይ እምነታትን፡ ጠባያትን፡ ስነስርዓትን፡ ምሻጥን ምልዋጥን ካልእነገራትን ካብ ቅዱስ ቁራኣንን ትኽክለኛ ዝኾነ ሓዲስ ወይ ሱና[ዘረባ ወይ ተግባር ወይ ኣሰር] ናይ ረሱል[ልኡኽ] ሙሓመድ-ካብ ረቢ ዉዳሰን ምሕረትን ይኹኖም- እዩ ዝብግስ።

ኣብ'ዚ ከትኮረሉ ዘለዎ ኣገዳሲ ነጥቢ እንተሎ፡ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ናይ ዓለም ዘሎ ሚዛናዊ ኮይኑ ፍትሓዊ ትዕዝብቲን ፍርዲን ክህብ ዝኽእል ዘይሻራዊ ሰብ እንተዝፍትሽ ነሩ፡ ብዘይ ካልእ ቅድመ ኩነት እስልምና ምተቀበሎን ምኣመነሉን። እቲ ጸገም ኮይኑ ዘሎ ግን ብደገ ኮይኖም ንእስልምና ዝኽፍኡን ዘጸልሙን ኣካላት፡ ሓላፍነት ዝጎደሎምን፡ ካብ ሓቂ ዝራሓቑን ትንታነታትን ብምቕራብን ብምጉስጓስን ዝፈጥርዎ ስእሊ፡ ኣብ ካልኦት ህዝብታት ጌጋ ኣረዳድኣ ከሰርጹ ብምኽኣሎም ኢዩ። እቶም ነዚ ዘይሚዛናዊ ጸብጻብ ዝሰምዑን ዝኽተሉን ድማ፡ ሓቂ መሲሉዎም ከይመመዩ ነቲ ዝበሃል ኩሉ ይቕበልዎ። ሓቀኛ ነጸብራቕ ናይ'ቲ እስላማዊ ብርሃን ግን ቀሪብካን ዉሽጢ ኣቲኻን ብንጹህ ልቦና ምፍታሽ ጥራይ ክበርህ ክምዝኽእል ኢየ ከስምረሉ ዝደሊ።

ዝኾነ ሰብ ተገዲሱ ካብ ወገንነት ወጺኡ ንእስልምና ወይ ነቶም ናይ ብሓቂ ዝኽተልዎ ኣመንቲ እንተዝዕዘቡን እንተዘጽንዕን ኔሩ፡ብዘይጥርጥር ንእስልምና ክቕበል ድሕር

ኣይምበለን። ኮምኡ 'ወን ምስተገላሃሉ ነሩ፡ ንደቂ ሰባት ኣብ ደስታን ፍስሃን ክነብሩን ሰላምን ጸጥታን ዝሰፈኖ ርጉእ ህይወት ከስተማቕሩን ግሉጽ ኮይኑ ምረኸቦን ምመስከረን።

ፍጹምነት ኣብ ደቂ ሰባት የለን'ሞ ተኸተልቲ እቲ እስልምና ዝርአ ናይ ዉልቀ ሰብ ጌጋታት፡ይዉሓድ ይብዛሕ ናብ እስልምና ኣጸጊዕና ክንወቅስን ከነቋናጽብን ኣይግባእን፡ ምኽንያቱ እስልምና ካብኡ ነጻ እዩ። እቲ ናይ ዉልቀ ሰብ ጌጋ ዝበሃል ንዕኡ ጥራይ እዩ ዝምልከት። እስልምና ንኸምኡ ዓይነት ሰለ ዘይእዝዝን ስለዘየፈቅድን። እኳ ደኣ ካብ በደላት ይገንሕን፡ ንጌጋታት ይምዕድን ይኽልክልን።

እቲ ፍትሒ ዝበሃል ግን ነቶም ናብ ሓቂ እስልምና ተኸቲሎምን ሕግታቱ ኣተግቢሮምን ኣብ ነብሶምን ምስ ካልእ ሰባትን ተዓዚብካ ክትመዝን ከለኻ እዩ። በዚ ዓይነት ከኣ ንእስልምናን ተኸተልቱን ኣኽብሮት የሕድረልካ። እስልምና ድማ ንነብሲ ወዲ ሰብ ንጽህቲ ዝገብራ ንእሽተይ ይኹን ዓቢ ኩሉ ሓቢርናን ኣተባቢዕናን ኢዩ። ካብ ኩሉ ሕማቕን ጽዩፍን ዝኾነ ድማ ከልኪልናን ኣጠንቂቕናን ኢዩ።

እቶም ንሕግታት ስርዓተ እስልምና ዘኽብሩ ከኣ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደስታን ፍስሃን ንጽህና ናይ ልብን ትረኽቦም፡ ንነብሶም ድማ ብዝለዓለ ጠባይን ክብረትን ይእድብዋ፡ እቲ ኩሉ ብቐረባን ርሑቕን ምስኦም ኣብ ሃይማኖት ዝሰማምዕን ዘይሰማማዕን ከኣ ብጽቡቕ ይምስክረሎም።

ነቶም ገለ እስልምና ተኸተልቲ ኢና ዝብሉ ኣብ ብዙሕ ኣገባብ ስነ ስርዓት ናይ እስልምና ዝዝንግዑን ካብቲ መገዲ

ሓቂ ዝሰሓቱን ተዓዚብካ ንእስልምና ክትመዝን ግን ፍትሒ ኣይኮነን።

ኣብ መወዳእታ ኸኣ ንኹሉ እስልምና ዘይክተል ንሓቅነት ናይ እስልምና ንኽፈልጥ ጻዕሪ ክገብረን እስልምና ክቕበልን ይጽዉዖ።

ንእስልምና ክቕበል ዝደሊ ድማ ነዛ ቃል እናበለ ይምስክር ንሳ ድማ ኣሽሃዱ ኣላኢላሃ ኢለላህ ወኣነ ሙሓመደን ረሱሉላህ [ብዘይካ ኣላህ ካልእ ብሓቂ ዝምለኽ ጎይታ ከምዘየለ ሙሓመድ ከኣ-ካብ ረቢ ዉዳሰን ምሕረትን ይኹኖም-ልኡኽ ከምዝኾነ ይምስክር]፡ ብድሕርዚ ድማ በቲ እስልምና ዝእዝዞ ክፈልጥን ከተግብርን ይግባእ። ፍልጠት ናይ እስልምና እና ወሰኸ ክኸይድ እንከሎ ድማ እቲ ደስትኡን ከምኡ'ዉን ደረጃ ምቕራብ ናብ ኣላህ እናወሰኸ ይኸይድ።

❇❇❇

ti231v1.0 - 18/05/2026

جمعية خدمة المحتوى
الإسلامي باللغات